# ክልተ ሓለዋ ቤትማእሰርቲ ዒራዒሮ
# ዝነበሩ ዜጋታት ብሓይልታት ጸጥታ
# ህግደፍ ካብ ሊብያ ተጨውዮም።

Friday, 02 January 2009

ክልተ ኣባላት ጸጥታ ህግደፍ ምስ ክልተ ኣባላት ጸጥታ ሊብያ ተሓባቢሮም ብዘካየዱዎ ናይ ጭውያ ስርሒት፡ ካብ ኤርትራ ኣምሊጦም ኣብ ጉዕዞ ስደት ሊብያ በጺሖም ንዝነበሩ ክልተ ኣባላት ሓለዋ ቤትማእሰርቲ ዒራዒሮ ነበር ፡ ብ**16** ሕዳር **2008** ጨውዮም ናብ ኤርትራ ብምምላስ ኣብ እምባትካላ ኣሲሮሞም ከምዘለዉ ምንጭታትና ካብ ኤርትራ ሓቢሮም።

ብመሰረት 'ቲ ሓበሬታ ሓደ ካብቶም ግዳያት ዝኾነ ጠዓመ መንግስ፡ ጉርጂ ካብ ዝተባህለ ቦታ ክጭወ ኸሎ፡ ሓኪም ቀዳማይ ረዲኤት ኮይና ኣብ ቤትማእሰርቲ ዒራዒሮ ተገልግል ዝነበረት ራሄል ይግዛው ድማ ኣቡ-ነፊስ ካብ ዝተባህለ ቦታ እያ ተጨውያ።

እዞም ግዳያት ጭውያ ኮይኖም ዘለዉ ክልተ ዜጋታት፡ ኣብ ትራብሎስ ዝብሃል ከተማ ሊብያ ን**10** መዓልታት ተኣሲሮም ድሕሪ ምጽናሕ ብጽኑዕ ሓለዋ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ምስ ዓረፉ ብቐጥታ ናብ እምባትካላ ተወሲዶም ከማዝተኣስሩ እቲ ሓበሬታ የረድእ።

ቤትማእሰርቲ ዒራዒሮ፡ እቶም መንግስቲ ዲምክራስያዊ ለውጢ ክግበር ብግህዶ ዝጠለቡን ዝተቓወሙን ብ 'ጉጅለ **15**' ዝፍለጡ ሚኒስተራትን ኣባላት ባይቶን ተኣሲሮምሉ ስለዝነበሩ ብጽኑዕ ዝሕሎ ቤትማእሰርቲ እዩ። ስለዝኾነ ኸኣ፡ ስርዓት ህግደፍ ሓበሬታ መታን ከይጸልቆ ነቶም ሓለውቲ ንገዛእ ርእሶም 'ውን ጽኑዕ ሓለዋ እዩ ዝገብረሎም።

ብኻልእ ወገን ኣብዚ ሰሙን'ዚ ኣብ ሱዳን ተዋፊሮም ዝቕነዩ ሓይልታት ጸጥታ ህግደፍ ብተመሳሳሊ መንገዲ **16** መንእሰያት፡ ንመብዛሕትኦም ካብ ካርቱምን ከሰላን፡ ጨውዮም ናብ ኤርትራ ብምምላስ ኣሲሮምሞም ከምዘለዉ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የፍልጥ።

ዛጊት ናይ ኣርባዕተ ካብኣቶም ኣስማት ተረኺቡ ኣሎ። ንሳቶም ከኣ፡

**1.** ተመስገን በላይ (ኣባል ሃገራዊ ድሕነት ዝነበረ)
**2.** ተመልሶ ተስፋጼን
**3.** ዑመር መሓመድ
**4.** ተስፋማርያም ሓድጉ እዮም።